**ዮሃና**

**ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ**

**ንድፊ ፖለቲካዊ ቻርተር፡ ንድፊ መሪሕ ሓሳብ (ሮድ ማፕ)፡ ንድፊ ሕጊ ህንጻ ኣጽዲቑ**

**ስም ናይቲ ዝቐውም ባይቶ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ክኸውን ወሲኑ።**




ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡እቲ ብዎርክ-ሾባት ምይይጥ ዝተገብረሉ ብሓባራዊ ውሳኔ ንምድምዳም ሰክሬታርያ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሰያዊ ለውጢ፡ ኣብ ኣርባዕተ ንድፊ ጽሑፋት፡ ማለት ንድፊ ፖለቲካዊ ቻርተር፡ ንድፊ መሪሕ ሓሳብ (ሮድ ማፕ)፡ ንድፊ ሕጊ ህንጻን ንድፊ መሰጋገሪ ቅዋምን፡ ኣብ ሽውዓቲኡ ዎርክ-ሾባት ዝተገብረ ክትዓትን፡ ዝነበረ ነጥቢ ፍልልያትን ንምጽሟቕ ዝመዘዘቶ ኮሚቴ ስርሑ ኣጻፊፉ ኣብ ሰክሬታርያ ከምዝረአ ድሕሪ ምግባር፡ ሰክሬታርያ ድማ ብወገኑ ነቲ ጽሟቕ ትሕዝቶታት ብምጥርናፍ ኣብ ሓባራዊ መድረኽ ንውሳነ ከምዝቐርብ ገይሩ፡፡

ተጋባእቲ ብወገኖም፡ እታ ጸሚቒት ኮሚቴ ነጥቢ ፍልልያትን ብዎርክ-ሾባት ዝቐረቡ ኣማራጺ ሓሳባትን ክውሰኹ ኣለዎም ዝተባህሉ ኣገደስቲ ነጥብታትን ብንጹር ኣገባብ ጾሚቓ ንዘቕረበቶ ትሕዝቶ ብምርኣይ፡ ንድፊ ፖለቲካዊ ቻርተር፡ ንድፊ መሪሕ ሓሳብ (ሮድ ማፕ)፡ ንድፊ ሕጊ ህንጻን ኣጺዲቑ። ንድፊ መሰጋገሪ ቅዋም ድማ ከምዘለዎ ናብ እቲ ዝምረጽ ባይቶ ተመሓላላፉ ብሰብ ሞያ ሕጊ ዘድሊ ምምሕያሽ ክግበረሉን ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ከም መወከሲ ሰነድ ኮይኑ ከገልግል ተሰማሚዑ፡፡

በዚ ዝጸቐ ሕገ ህንጻ መሰረት ስም ናይቲ ዝቀውም ባይቶ ኤርታራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ክኸውንዩ።
ኣዚ ከምዚ ኢሉ ኣንከሎ፡ ብመሰረት'ቲ ንሰክሬታርያ ሃገራዊ ጉባኤ ዝተዋህበ ናይ ኣኼባ ኣጀንዳታት፡ ዝቕጽል ምዕራፍ ኣቃውማ ናይ ሃገራዊ ባይቶ ንምውሳን ዘኽእል ንድፊ ሓሳብ ንምድላው፡ 16 ዝኣባላታ ኮሚቴ መዚዛ፡፡ እዛ ንኣቃውማ ሃገራዊ ባይቶ ዝምልከት ንድፊ ሓሳብ ከተዳሉ ዝተመዘዘት ኮሚቴ 5 ካብ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን፡ ካብ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ሓርበኛታትን ወከልቲ ዞባታትን ዝሓቖፈት ክትከውን እንከላ፡ ኣብ ዝቕጽል መዓልታት ነቶም ዝምልከቶም ተሻረኽቲ ኣካላት ተወኪሳ ቁጽሪ ኣባላት ባይቶን ዓይነት መሪሕነትን ነዲፋ ናብ ሰክሬታርያ ሃገራዊ ጉባኤ ከተቕርብ እያ። ሰክሬታርያ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ድማ ብወገና፡ ነቲ ንድፊ ሓሳብ ብምምርማር፡ ኣብ ሓባራዊ መድረኽ ሃገራዊ ጉባኤና ተዘትይሉ ከምዝጸድቕ ክትገብር እያ።

እዚ ድሕሪ ክንደይ ጻዕርን ድኻምን ኣብ ኣጋ ምዝዛም በዚሑ ዝርከብ ሃገራዊ ጉባኤ'ዚ ብጽቡቕ ናይ ምርድዳእን ምቅብባልን መንፈሳት ይቕጽል ብምህላዉ ድማ፡ እዚ ተሪፉ ዘሎ ሒደት ዕማማት፡ ብጽቡቕ ክሰላሰልን፡ ሃገራዊ ጉባኤና ዕዉት ኮይኑ ክጅንበልን ትጽቢት ብዙሓት ወገናት ክኸውን በቒዑ ኣሎ፡፡

ኮሚቴ ዜና ሃገራዊ ጉባኤ
ንደሞካስያዊ ለውጢ
28-11-2011